-1-

## መዛናግዒ መልእኽቲ

በስመ ኣብ ኢልካ ምጅማር ፀሎት
ሰዲርካ ሰዲርካ ይመልእ እመት
ሰጉምካ ሰጉምካ ይቃለል ርሕቐት
ተኣኪብካ ተዛቲኻ ምፍጣር ሕብረት
ሕብረት ፅኑዕ ሓይሊ እንተተኣልዩ ብስኽኖት ብስምረት
ቆፅሊ ረጋፋይ ፣ ገዛ ፈራሳይ ፣ ትውልዲ ሓላፋይ
በዝሒ ማይ ሰዓባይ  ዘየብሉ ውሕጅ ሰጣማይ ደራቓይ
በዝሒ ኣባላትን ፅርየት ዘየብሉ ማሕበር ደኻማይ
በዝሒ ማይ ዘሎዎ ውሕጅ ብዘይ ምቁራፅ ፈሳሳይ ዋሓጃይ
ብበዝሒ ኣባላት ዝተሰነየ ፤ ብፅርየት ዝተኣልየ ማሕበር ተዓዋታይ
ጥንኩሩን ፣ ዝተዓቀበ ሕብረት ቀፃላይ ፤ ከም ሓወልቲ ነባራይ

ኣዋፂእኻ ወፊኻ ምስላጥ ልምዓት
ኩዒትካ ነዲልካ ምንዳቕ መስረት
ቀፂልካ ብዘይ ምቁራፅ ምስላጥ ገዛ ህንፀት
ጀሚርካ ደው ኣይባሃልን ኣይውሰድ ዓመታት
ቃላት ፣ ዘተ ፅቡቕ እዩ መሰጁ ትልምታት
ተዓሊሙ ፣ ተተሊሙ ኣይቕረ ይሳለጥ ብተግባራት

ህድሞ ወዲኻ ቀዳማይ ፣ ካልኣይ ፣ ሳልሳይ ፣ ቀፃላይ ደብሪ
እቲ ዝሳለጥ ዘሎ ኣይኮነን መዝበሪ ግዳስ ተማሃሮ መምህሪ
እዙይ ምስተወደአ ክቃለል  እዩ ናይ ክፍሊታት ሽግር
መንግስቲ ብሎሚኡ ይዳሎ ንምእላይ ዋሕዲ መምህር

ይታሃነፅ ይሰራሕ ደው ይበል ናይ ፍልጠት ቦታ
ናብኡ ንምእታው ብዙሑት ተማሃሮ ይፅበዩ ኣለው ብሃንቀውታ
ባይታ ነንፅፈሎም ንፍጠረሎም ዕድል

ታሕጓሱ ኣይኽእልዎን ክብሉ እዮም ዕልል
ይፍለጡ ፣ ይማራመሩ ፣ ይከፈተሎም ፣ ይገለፀሎም ፣ ምስጢር ትምህርቲ
ፅባሕ ክኾኑ እዮም ሊቃውንቲ ፣ ተፋላሰፍቲ ፣ ሓዱሽ ነገር ማሃዝቲ

ኣኽሱም እዚኦም ሲኢና በዚሕዋ ፀገም ካልኦት ሽግራት
ኣፍ ኣውፂኣ ክትዛረብ ጀሚራ ክተቕርብ መረረት
ቅድሚ ሃገረይ ተፈጢረ ቅድሚ ሃገረይ ነይረ
ሎሚ ከም ሽንቲ ግመል ንድሕሪት ተመሊሰ እንታይ እየ ገይረ
ሓጥያት የብለይን ፃዲቕ ፈላመይቲ ተቐባሊት ክርስትና ሃይማኖት
ባዓልቲ ታሪኽ ኣብ ግባረይ ፅላት ፤ ገዳም ተኸባሪት

እቶም ቀዳሞት ደቀይ ንፉዓት ፈላጣት ሰብ ሜላታት
ኣብዙይ እንትስሩቱኒ ሃደበት ኣይኮነን ብብዙሕ ፅንዓት
ኣብላዕሊ ተሰቒለ ተነፂፉለይ ሜዳታት ተኸቢበ ብተፈጥራዊ ሓፁራት
ከይቈረኒ ከይሞቕኒ መሪፆም ማእከላይ ናይ ኣየር ኩነታት
ፀላእን ንፉስን ከይጥዕኒ ተኸቢበ ብጎቦታት

ብሰሜን ተኸቢበ ብጎቦ ቤትገርግስ
ኣብ ላዕሉ ውፂእኻ ንፉሱ ሳንባኻ ዘሐድስ
ብምፅዳቕ ተኸቢበ ብጎቦ  ጐቦዱራ
ብኡ ሽነኽ ንዘመፅእ የኣቱ ብዱራ ድቡራ
ብሰሜን ምብራቕ ከቢቡኒ ጎቦ ማይ ኮሓ ማዕዶ እንዳፅላት
ኣብኡ ኮይንካ ኮለል ኢላ ትረኣ ምልእቲ ኣኽሱም ምስ ማይ ዓቢቓት
ማይ ኮሓ ኮይኑ እንትሪኣን ናይ ሎሚ ገዲፈ ቀበሌ ሓዱሽ ኣሽማት
ከይትርስዕዎ ቆንጢረ ክዝርዝረልኩም ምሳይ ዘዓበያ ናይ ከብደይ ቁሽታት

ጨዓናዱግ  በለስ ባሕሪ  መለኪያ ኣኽሱም  ምቓፅ ከበሮ  ዓዲኽልተ ታሕታይገዛ እንዳኣብያሰኑይ
እዝጊሓፀራ ዳዕሮዒላ ገዛ ዓሙፅ ግራትሽንፋእ ምግታው ሓወልቲ ገዛ ዓጉማይ

እንዳ ራእሲ ገዛ ሽሞሽን ዕዳጋ ሹቕ ፍቓዳ ወዘተ
ሎሚ ጥራሕ እዚኣን ኣይኮናን ክንደይ ዘይተሰርሐ ዘይተመስረተ
ክንደይ ኢልካ ክቑፀር ቁሸታት ኣኽሱም
እንታብ ኅቦዱራ ጀሚሩ ሰተት ዝበለ ክሳብ ዞርት ምሽላም
ብምብራቕ ተኸቢበ ብሜዳ ኅቦ ሓፀቦ ፤ ቀፂልካ ብርሑቕ ብእዝባ ገሊላ
ብደቡብ ተሓፂረ ብኅቦ ሓመድ ገበዝ ብግድምታት ዓዲበራሕ ክሳብ ኅቦዱራ ከምኣይላ ኮሊላ

ኣነ ተሓፂረ ኣይቀረይኩን ብግድሚ ኅቦታት
ንህዝበይ ነጋይሽይ እኒህ መእተዊ ብኹሉ ማኣዝናት
ብምብራቕ ዝመፅኡ የኣትዉ ብምሽላም ብዞራት
ብሰሜን ዝመፁ የኣትዉ ብንዳካሌብ ብማይ ኬራሕ
ብደቡብ ብናዓዴር ዝመፅኡ የኣትዉ ብሓፀቦ ብደረቓ ብዴጐ የኣትዉ ብዓዲበራሕ
ብምፅዳቕ ዝመፅኡ ብዓዲፀሓፊ ቀጠጠእኽሊ ፍልፍሊት ማይ ጓሉ
ምኩላል ኣየድልን ፤ ተፈጥራዊ መእተዊ እኒህ በብሸነኹ ንኹሉ

ኣነ ብዙሕ እየ ዘሓስብ ፤ ኣማዕድየ እንትረአን ኩለን ሓደሽትን ምሳይ መፋጥርተይ
ሎሚ ኹለን ገዲፈናኒ ኣበይ ከርክበን ኣይኮናን መዋድርተይ
ምጥማተይ ዶ ቀርዩ ኣርሒቐ ፤ ክሳብ ዓዲ ወፃኢ ባሕሪ ውቅያኖስ ሰጊረ
ንሳተን ኣንዳረአይኩ ነብሰይ ምውቃስ ጀሚረ ኣምሪረ

በሉ ዳኣ ደቀይ ሕዚ እውን ክምዕብል ፣ ክፅብቕ ፣ ክዕምብብ ፣ ሳላኻትኩም
ንስኻትኩም ኢኹም ብቀዳምነት ትሓስቡለይ እንታብ ካልኣት ቀዲምኩም
ሓዱሽ ዝተሃንፀ ዝተሰርሐ ሃብዎ ሓዱሽ ስያመታት
በጃኹም ታሪኸይ ኣይተባላሽውለይ ዓቅቡለይ ናይ ቀደም ኣሽማት

እኒህ መንገድታት ፣ ፅርጊያታት መለለዪ ዘየብሉ መእለይታት
ኣሽሓት ገዛውቲ ጠጠው ኢሉ ብዘይ ቁፅርታት
ኣበይ ኢልካ ንመን ኢልካስ ክዕደል ዝመፀ ፖስታት
ኩሉ ተዝሕዝ ነይሩ ስርዓት እንተዝኽበር ሕግታት

ሎሚ ኣብ ገዳም ፅላት ኣኽሱም ኣይንብዝሐን ነይሩ ስርቂ ፣ ቅጥፈታት
ኣንታ እቶም ቀዳሞትስ ባይታ መሪዖም ኣቐሚጦሙኒ
ከይኽፍኣኒ ፣ ከይፅግመኒ ክነብር ጥዒሙኒ
ከም ሎሚ ኣይኮነን ተፈጥሮ ጠልሊሙኒ
እኹል ማይ ይወቅዕ ነይሩ ፍልፍላት ኣብርእሰይ ይውሕጅኒ
ሎሚ ዶ ኣነ ንደረቕኩ ማይ ንፀምኣኒ
በሉ ዳኣ ደቀይ ማይ ኣምፅኡ ፅምኣይ ኣርውዩኒ
ብዘይ ማይ ኣይህሉን ሂወት
ብዝይ መሪር ቃልሲ ኣይርከብን ዓወት

ድንቂ ባሕሪ ፣ ውቅያኖስ እንታባይ ሪሒቕም ኣይሃልውኒ ወደብ
ማይ ፀሚአ ዝሰትየሉ ደረቐ ዝርሕሰሉ ሰኣንኩ ዶ ዓብዪ ግድብ
ዝፈትወኩም ደቀይ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣሜሪካ ወፃኢ ሰፊርኩም
ፍልጠት ክትውስኹን ፣ ቁምነገር ክትገብሩ ፣ ክተማሓይሹ ናብራኹም
በሉ እግዚኣብሄር የሓግዝኩም ፣ ትምኒትኩም ይስመረልኩም ፣ ፀሎተይ ኣይፈለይኩም
ኣብ ዝኸድኩሞ ኣብዘሎኹሞ ኮንኩም ኣይትረስዑ ዓድኹም ህዝቡኹም
ልምዓት ዓድኹም ንምስላጥ ዘቲኹም ሓቢርኩም ሰሚርኩም

ዕለት 23 ሰነ 2010 ዓም ሎሚ እተኸብሩላ ዘሎኹም ላስ ቬጋስ ቀደም እብላ ነይረ በረኻ ምድረ በዳ
ላስ ቬጋስ ብድሕረይ ተፈጢራ ሎሚ ኣበይ ኢለ ከርክባ ተወንጪፉ ከይዳ
ሳላ ፈላጣት ደቃ ማይ እንታብ ርሑቕ ተሳሒቡላ ናብኡ
ማይ ሓሊፉ ተሪፉ ጃሕ ጃሕ ይብል ኣሎ ኣብ ብሙሉኡ
ማይ ኣብ ከብዳ ኣይፀንሐ ኣይወረደ እንታብሰማይ
ግድብ ሁቨር እዩ ዝኹሉ ገባሪ ሰናይ
ውሕጅ ኮሎራዶ ምሩቕ እግዚኣብሄር የሃብካ
ሰለስተ ደረቕ ግዝኣታት ኣሜሪካ ፤ ሰጊርካ መክሲኮ ብማይ ዘተርከስካ

ላስ ቬጋስ ዓንቢባ ፣ ፀቢቐ ዘለኣለም ብርቕርቕ ወግሐት ፀብሐት
ንሱ እኳ ይቕረየኒ ገዳም እየ ኹልሻብ ኣብ ፀሎት

5

ኣምላኽ ከምተም ካልኦት ጥራሕ ናይ ማይ ዕድል ፍጠረለይ

ኣካላተይ ዘርሕስ ፅምኢ ማይ ዘርውየለይ

እቲ ፅባቐ እንተኾነ ፅብቐቲ እንታብ ቀደመይ

ኩርዕቲ ባዓልቲ ታሪኽ ፤ ምህርቲ ምስፊደለይ ሓወልተይ

በሉ ጥራሕ መረረት ኣይኮነን ምርቓይ ይብፃኹም

ብሩኻት ኩኑ ፍለጡ ተማገራመሩ ፤ ቀፅሉ ሕብረትኩም

ናብራኹም ይፀብቐ ይተሓሎ ጥዕናኹም

ሕጉሳት ኩኑ ኣብ ናብራኹም ኣየጋጥምኩም ፀገም

በሉ ርሑስ ዝተቐደሰ ምሸት ይግበረልኩም

ህዝብኹም ኣይርስዖን ነቲ ሰናይ ተግባርኩም

ክብርን ምስጋናን ይብፃሕኩም ናይ ለንዘበን መዳለውቲ

እንታብ  ሎሚ ተዳሎዉ ናይ ነዓመታ ተቐበልቲ

ዶ/ር ተኸስተ ዮሴፍ